Tigrinya

# ተመሃሮ ብኸመይ ይግምገሙ

ናይ ሓደስቲ መጻእቲ ስድራቤት መምርሒ

## ኣብ ክፍሊ ዝግበሩ ገምጋማት

ናይ ውላድኩም መምህር ውላድኩም ክሳብ ክንደይ ከምዝተረድኦ ንምፍላጥ ክዕዘቦን ክግምግሞን እዩ። እዞም ገምጋማት እዚኦም ኣብ ውጽኢት እቲ መደብ ትምህርቲን ውላድኩም ኣብቲ ክፍሊ እንታይ ክመሃር ትጽቢት ከም ዝግበረሉን ዝተመርኮሱ እዮም።

ውላድኩም ክሳብ ክንደይ ጽቡቕ ይገብር ከም ዘሎ ንኽፈልጥ እቲ መምህር ስሩዕ ግብረመልሲ ክህቦ እዩ። እዚ ግብረመልሲ ምስ ውላድኩም ኣብ ዝግበር ዝርርብ፣ ውላድኩም ኣብ እዋን ትምህርቲ ዝገበሮ ትዕዝብቲ፣ ከምኡ'ውን ውላድኩም ትምህርቱ ንምግላጽ ዝፈጥሮ ፍርያት ዝተመርኮሰ ክኸውን ይኽእል። እቶም ፍርያት ዕዮታት፣ ፕሮጀክትታት፣ ኣቀራርባታትን ፈተናታትን ከጠቓልሉ ይኽእሉ እዮም። እቲ መምህርን ቤት ትምህርትን ነዚ ሓበሬታ'ዚ ናይ ውላድኩም ምዕባለ ንምክትታልን ጸብጻብ ንምቕራብን ክጥቀሙሉ እውን ይኽእሉ እዮም።

**ውላድኩም ብዛዕባ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከመይ ከም ዘሎ ምስ ስድራቤት ክትገብርዎ እትኽእሉ ናይ ርክብ ዓይነታት፦**

- ምስ መምህር ምዝርራብ
- ርእይቶታት፣ ናይ ዓወት ደረጃታት፣ ነጥቢታት ከምኡ'ውን ሚእታዊ ኣብ ዕዮታትን ኣብ ናይ ስራሕ ናሙናታትን
- ኣብ “PowerSchool Parent-Student Portal” ዝተኻፈለ ሓበሬታ፣ ኣብ “Students & Parents” ዝብል ናይ መርበብ ሓበሬታና ክፍሊ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም፦ ተምሃሮን ወለዲን | ትምህርትን ምዕባለ ቅድመ ቁልዕነትን (ednet.ns.ca)።

ብዛዕባ ዓይነት ርክባት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ኣብ ናይ ሓደስቲ መጻእቲ ስድራቤት መምርሒ ኣብ “ምስ ናይ ውላድኩም መምህርን ቤት ትምህርትን ብኸመይ ከምትራኸቡ።”

# ሪፖርት ካርድታት

## ቅድሚ መባእታ ትምህርቲ

**ኣብ ቅድመ መባእታ ትምህርቲ ዝርከቡ ቆልዑ ሪፖርት ካርድ ኣይቅበሉን።** ናይ ውላድኩም ናይ ቅድመ ቁልዕነት መምህር (ECE) ብዛዕባ ናይ ውላድኩም ምዕባለታት ሓድሽ ሓበሬታ ይህበኩም እዩ። ውላድኩም ኣብ ጉዕዞ ትምህርቱ ከመይ ከምዘሎ ዝገልጽ ሰነድ ከም ፖርትፎሊዮ ወይ መዝገብ ምሳኹም ከካፍሉ ይኽእሉ። እቲ ECE ናይ ውላድኩም ትዕዝብቲ ተጠቒሙ ንኽቕጽል ዝሕግዞ ሓደስቲ ተመኩሮታት ክነድፍ እዩ።

## **መባእታዊ** (ካብ መባእታ ክሳብ 6 ክፍሊ) **ከምኡ'ውን ካልኣይ ደረጃ** (ካብ 7 ክሳብ 12 ክፍሊ)

**ካብ መባእታ ክሳብ መበል 12 ክፍሊ ዝርከቡ ተምሃሮ ናይ ሪፖርት ካርዲ ይቕበሉ እዮም።** ሓደ ሪፖርት ካርድ ውላድኩም ኣብዚ እዋን ናይ ትምህርቲ ዓመት ኣብ ትምህርቱ ከመይ ከምዘሎ ይነግረኩም። ውላድኩም ኣብ ፍርቂ ናይ ሓደ ኮርስ፣ ተርም ወይ ሰሚስተር፣ ኣብ መወዳእታ ናይ ሓደ ኮርስ፣ ተርም፣ ሰሚስተርን ኣብ መወዳእታ ናይ ትምህርቲ ዓመትን ሪፖርት ካርድ ክረክብ ይኽእል። ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ዞባዊ ማእከል ትምህርቲ (RCE)//Conseil scolaire acadien provincial (CSAP) መርበብ ሓበሬታ ሪፖርት ካርድታት መዓስ ናብ ገዛኹም ከም ዝለኣኹ ዝሕብር ዓውደ-ኣዋርሕ ክህልዎ እዩ።

ሪፖርት ካርድታት ክልተ ክፋላት ኣለዉዎ፦

- እቲ ናይ **ተማሃራይ መግለጺ** ክፋል ብዛዕባ ናይ ውላድኩም ማሕበራዊ ክእለትን ናይ ስራሕ ልምድን ሓበሬታ ይህብ።
- እቲ ናይ **ተምሃራይ ዓወት**ክፋል ብዛዕባ ውላድኩም ዝተማህሮ ክእለትን ኣምርን ሓበሬታ ይህብ። እዚ ክፋል እዚ ውላድኩም ነቲ ናይ ትምህርቲ ውጽኢት ናይ ክፍሊ ደረጃኦም ይማልእ እንተኾይኑ ክሕብረኩም እዩ።

### ካብ መባእታ ክሳብ 3 ክፍሊ

ካብ መባእታ ክሳብ 3 ክፍሊ፣ ሪፖርት ካርድታት ብዛዕባ ዕቤት ውላድኩም ኣብ ስነ-ጥበብ ቋንቋን ሒሳብን ዝምልከት ርእይቶታት ከጠቓልል እዩ። ካልኦት ትምህርትታት ከም ጥዕና፣ ናይ ሓበሬታ ርክብ ቴክኖሎጂ (ICT)፣ ሳይንስ፣ ማሕበራዊ መጽናዕትታትን ስእላዊ ስነ-ጥበብን፣ ኣብ ስነ-ጥበብ ቋንቋን ሒሳብን "ተዋሃሂዶም" ስለ ዘለዉ፣ ኣብዞም ካልኦት ትምህርትታት ብዛዕባ ትምህርቲ ውላድኩም ርእይቶታት እውን ክትዕዘቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ካብ 1 ክሳብ 3 ክፍሊ፣ ሪፖርት ካርድታት WD፣ DE፣ ND፣ ወይ INS ዝብል ነጥቢ እውን የጠቓልል እዩ፦

| | |
|---|---|
| **WD** | ጽቡቕ ዝማዕበለ ርድኢትን ኣተገባብራ ከምኡ'ውን ኣምርን ክእለትን |
| **DE** | ከም ትጽቢት ዝተገበረሉ ምዕባለ ምስ ርድኢትን ኣተገባብራ ከምኡ'ውን ኣምርን ክእለትን |
| **ND** | ምስ ርድኢትን ኣተገባብራ ከምኡ'ውን ኣምርን ክእለትን ምዕባለ የድሊ |
| **INS** | ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢታት ትምህርቲ ንምዕዋት ዘኽእል እኹል መርትዖታት የለን |

ኣብ ካልኣይን ሳልሰይን ናይ ትምህርቲ ዓመት ሪፖርት ካርድታት ከም'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ነጥብታትን ርእይቶታትን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ምዕባለ ሙዚቃን ኣካላዊ ትምህርትን ዝምልከት ሓበሬታ ዘጠቓልል ክኾውን እዩ።

### ካብ 4 ክሳብ 6 ክፍሊ

ካብ 4 ክሳብ 6 ክፍሊ፣ ሪፖርት ካርድታት ብዛዕባ ምዕባለ ውላድኩም ኣብ ስነ-ጥበብ ቋንቋን ሒሳብን ዝምልከት ርእይቶታት ከጠቓልል እዩ። ካልኦት ትምህርትታት ከም ጥዕና፣ ናይ ሓበሬታ ርክብ ቴክኖሎጂ (ICT)፣ ሳይንስ፣ ማሕበራዊ መጽናዕትታትን ስእላዊ ስነ-ጥበብን፣ ኣብ ስነ-ጥበብ ቋንቋን ሒሳብን "ተዋሃሂዶም" ስለ ዘለዉ፣ ኣብዞም ትምህርትታት እዚኣቶም ብዛዕባ ትምህርቲ ውላድኩም ዝወሃቡ ርእይቶታት እውን ክትዕዘቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ካብ 4 ክሳብ 6 ክፍሊ ናይ ቀዳማይ ተርም ነጥብታት፦**

| | |
|---|---|
| **WD** | ጽቡቕ ዝማዕበለ ርድኢትን ኣተገባብራ ከምኡ'ውን ኣምርን ክእለትን |
| **DE** | ከም ትጽቢት ዝተገበረሉ ምዕባለ ምስ ርድኢትን ኣተገባብራ ከምኡ'ውን ኣምርን ክእለትን |
| **ND** | ምስ ርድኢትን ኣተገባብራ ከምኡ'ውን ኣምርን ክእለትን ምዕባለ የድሊ |
| **INS** | ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢታት ትምህርቲ ንምዕዋት ዘኽእል እኹል መርትዖታት የለን |

**ካብ 4 ክሳብ 6 ክፍሊ ናይ ካልኣይን ሳልሳይን ተርም ነጥብታት፡-**

| | |
|---|---|
| A | ንኣምርን ክእለታትን ብዕምቆት ምርዳእን ምትግባርን |
| B | ጽቡቕ ምርዳእን ምትግባርን ኣምርን ክእለትን |
| C | መሰረታዊ ርድኢትን ኣተገባብራን ኣምርን ክእለትን |
| D | ድሩት ርድኢትን ኣተገባብራን ኣምርን ክእለትን |

ናይ ካልኣይን ሳልሰይን ዓመት ሪፖርት ካርድታት ብዛዕባ ምዕባለታት
ብቀንዲ ፈረንሳይ (ወይ ቋንቋ ሚ'ክማው ወይ ቋንቋ ጋሊክ ኣብ ዝቐርበሉ ቦታ)፣ ሙዚቃን ኣካላዊ ትምህርትን ዝምልከት ነጥብታትን ርእይቶታትን እውን ከጠቓልል እዩ።

## ካብ 7 ክሳብ 12 ክፍሊ

ካብ 7 ክሳብ 12 ክፍሊ፣ ሪፖርት ካርድታት ብዛዕባ እቲ ውላድኩም ኣብቲ ዝወስዶ ኮርሳት ዝገበሮ ምዕባለ ርእይቶታት የጠቓልል። ናይ ውላድኩም ትምህርቲ ብተወሳኺ እዞም ዝስዕቡ ሚእታዊታትን መግለጺታትን ብምጥቃም ክግለጽ እዩ፡-

| | |
|---|---|
| 90—100% | ምስ ውጽኢት ትምህርቲ ብዝተኣሳሰር ብሉጽ ርድኢትን ምትግባርን ኣምርን ክእለትን የርኢ። |
| 80—89% | ምስ ውጽኢት ትምህርቲ ብዝተኣሳሰር ኣዝዩ ጽቡቕ ርድኢትን ምትግባርን ኣምርን ክእለትን የርኢ። |
| 70—79% | ምስ ውጽኢት ትምህርቲ ብዝተኣሳሰር ፅቡቕ ርድኢትን ምትግባርን ኣምርን ክእለትን የርኢ። |
| 60—69% | ምስ ውጽኢት ትምህርቲ ብዝተኣሳሰር ኣምርን ክእለትን ዘዕግብ ርድኢትን ምትግባርን የርኢ። |
| 50—59% | ምስ ውጽኢት ትምህርቲ ብዝተኣሳሰር ንኣምርን ክእለታትን ዝተሓተ ርድኢትን ምትግባርን የርኢ። |
| ትሕቲ 50% | ነቲ ናይ ኮርስ ትሑት ረቛሒታት ኣየማልአን። |
| INS | ትጽቢት ዝገበረሎም ውጽኢታት ትምህርቲ ንምዕዋት ዘኽእል እኹል መርትዖታት የለን። |
| N/A | መማህራን ኣብ ናይ ሪፖርት ግዜ እቲ ኣርእስቲ "ኣይተገምገመን" ኣብ ዝኾነሉ “N/A” ይጥቀሙ። |

**IPP ሪፖርት፡-** ውላድኩም ከም ኣካል መደባቱ ውልቃዊ ውጥን መደብ (IPP) እንተተኸቲሉ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ጸብጻብ ግዜ ኣብ ምሉእ ናይ ትምህርቲ ዓመት ብዛዕባ ምዕባለኡ ኣብ ፍሉይ ሰነድ ሓድሽ ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም።

# ናይ 3፣ 6ን 8ይን ክፍልታት ኣውራጃዊ ገምጋም

- ናይ Nova Scotia ኣውራጃዊ ገምጋም ንኽእለትንባብ፣ ጽሑፍን ሒሳብን ይምዝን።
- ንሳቶም ነቲ ውላድኩም ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዘሕለፎ ዓመታት ዝተማህሮ ይግምግሙ፣ ስለዚ ተማሃሮ ነዚ ምግምጋም እዚ ክመሃሩ ኣየድልዮምን እዩ።
- መምህራን ንተማሃሮ ኣብቲ ቅድሚ እቲ ገምጋም ዝካየድ ወርሒ ንዝግበር ገምጋም ይድግፉን የዳልዉን።
- ድሕሪ እቲ ገምጋም ድሕሪ ሒደት ኣዋርሕ፣ ውላድኩም ኣብቲ ገምጋም ከመይ ከም ዝገበረ ዝገልጽ ሪፖርት ክመጸኩም እዩ። መምህራን ነዚ ሓበሬታ ተጠቒሞም ውላድኩም ከመይ ከምዘሎን ዝያዳ ደገፍ ዘድልዮ እንተኾይኑን ክርድኡ ይኽእሉ።
- ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ንምምሃር ዝሕግዙ ምትዕርራያት ሙብዛሕትኡ ግዜ ኣብ እዋን ገምጋም ይርከቡ። ሓደ ምትዕርራይ ንናይ ገምጋም ዕላማታት እንተ ዘይተፈቒዱ፣ እቲ ወላዲ/ኣላዪ ሓዊሱ፣ ጉጅለ ውጥን ተማሃሮ፣ ከመይ ከም ዝቐጽል ክውስን ይኽእል እዩ። እቲ ተማሃራይ ብዘይ እቲ ምትዕርራይ ክጽሕፍ ይኽእል ወይ ድማ ነቲ ገምጋም ክጽሕፍ ኣይክእልን።
- ውሉድኩም እንግሊዝኛ ወይ ፈረንሳይኛ ንምምሃር ሓድሽ እንተኾይኑ፣ ነቲ ገምጋም ምጽሓፍ ከየድልዮ ይኽእል እዩ።
- ውላድኩም ኣብ ስነ-ጥበብ ቋንቋ ወይ ሒሳብ ውልቃዊ ውጥን መደብ እንተሃልይዎ፣ ነቲ ገምጋም ምጽሓፍ ከየድልዮ ይኽእል።

**ብዛዕባ ኣውራጃዊ ገምጋማት ተወሳኺ ንምፍላጥ፡-**

- ምስ መምህር ውላድኩም ርኸቡ ወይ ድማ ገምጋም ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ መርበብ ሓበሬታ ክፍሊ ትምህርት ከምኡ'ውን ምዕባለ ቅድመ ቁልዕነት ተወከሱ።

## ርክብ ሓበሬታ

ንተወሳኺ ሓበሬታ፣ ንዞባዊ ማእከል ትምህርቲ (RCE) ወይ Conseil scolaire acadien provincial (CSAP) ተወከሱ።

- **ዞባዊ ማእከል ትምህርቲ** Annapolis Valley (AVRCE)
- **ዞባዊ ማእከል ትምህርቲ** Cape Breton-Victoria (CBVRCE)
- **ዞባዊ ማእከል ትምህርቲ** Chignecto-Central (CCRCE)
- **Conseil scolaire acadien ኣውራጃዊ** (CSAP)
- **ዞባዊ ማእከል ትምህርቲ** Halifax (HRCE)
- **ዞባዊ ማእከል ትምህርቲ** South Shore (SSRCE)
- **ዞባዊ ማእከል ትምህርቲ** Strait (SRCE)
- **ዞባዊ ማእከል ትምህርቲ** Tri-County (TCRCE)
- **SchoolsPlus** ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታትን ደገፋትን የምጽእ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቤት ትምህርቲ Nova Scotia ይርከብ

ኣብ ማሕበረሰብኩም ንዝህሉ ደገፍ፣ ናብዚ ተወከሱ:-

- **ናይ YMCA ቤት ትምህርቲ ሰፈራ –** – ብደረጃ ኣውራጃ ይርከብ
- **YREACH –** ካብ ዞባዊ ኮሙን ሃሊፋክስ (HRM) ወጻኢ ይርከብ
- **Immigration Francophone –** ብመንገዲ ሰራሕተኛ ሰፈራ ቤት ትምህርትኹም ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም